
ምስጢረ ጥምቀት
Sacrament of Baptism

# ምስጢር Sacrament

- “ጥበብ ቤታ ሃነጸት 7 ኣዕኑዳ ጸረበት።” ምሳሌ 9፤1

- ምስጢር ማለት ሕጊ ወይ ድማ ትእዛዝ ኮይኑ

- ሓደ ኣማኒ  ብዝርአ ነገር ዘይርአ ጸጋ ኣምላኽ ዝረኽበሉ ኢዩ።

# ዝሰርያ

- ምስጢር ዝሰርዐ ክርስቶስ ኢዩ።

ግብ 1፤2 – 3

“ክሳዕ እታ ዝዓረገላ መዓልቲ ነቶም ዝሓረዮም ሓዋርያት ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ለኣኾም፥ ድሕሪ ስቅያቱ ኣርብዓ መዓልቲ እናተራእዮምን ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ እናነገሮምን ብብዙሕ መፈለጥታ ህያው ምዃኑ ርእሱ ኸም ዘርኣዮምን ጽሒፈልካ ኣሎኹ።”

# 7 ምስጢራት ቤ/ክ

1 ጥምቀት Baptism

2 ሜሮን Myron/Confirmation

3 ንስሐ Repenetance and Confession

4 ቁርባን Holy Communion

5 ተክሊል Holy Matrimony

6 ክህነት Holy Orders

7 ቀንዴል Unction of the Sick

# ንኹሉ ኣማኒ ዘድልዩ ምስጢራት

1 ጥምቀት Baptism

2 ሜሮን Myron/Confirmation

3 ንስሓ Repentance and Confession

4 ቁርባን Holy Communion

# ንፍሉያት ዘገድሱ ምስጢራት

- ንቤ/ክ ዘድልዩ ምስጢራት፥
  - ተክሊል - ንዕብየት ደቂ ሰባት
  - ክህነት - ኣገልግሎት ቤ/ክ

ቀንዴል

# ምስጢረ ጥምቀት

- ትርጉም፤

ሰብ ኣብ ማይ **3** ግዜ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ጠሊቁ፤ ካብ ኣብራኽ መንፈስ ቅዱስ ዳግማይ ተወሊዱ፤ ኣባልነት ቤ/ክ ዝረኽበሉ ምስጢር።

# ምስጢረ ጥምቀት

- “ካብ ማይን መንፈስ ቅዱስን ዘይተወልደ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ክኣቱ ዝኽእል የልቦን።”

  ዮሃ 3፤5

# ምስጢረ ጥምቀት

- ንኣማኒ ጥራይ ዝወሃብ ዘይድገም ምስጢር ኢዩ!

- “ዝኣመን ዝተጠምቀን ክድሕን ኢዩ።” ማር 16፥16

- (ኤፌ 4፥5) ‘ሓደ ጎይታ፣ ሓንቲ እምነት፣ ሓንቲ ጥምቀት ኣሎ።’ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ስለ እምነት ክዛረብ ከሎ ሓደ ኣምላኽ፣ ስለ እምነት ሓንቲ እምነት። ስለ ጥምቀትው’ን ሓንቲ ጥምቀት ጥራህ ከም ዘሎ የብርህ።

# ምስጢረ ጥምቀት

- ጥምቀት ብካህን ትራሕ ይፍጸም Baptism is the task of Clergyman.

(ማቴ 28፥19) ‘ ስለዚ ኺዱ ንኹሎም ኣህዛብ እናኣጥመቕኩም..ደቂ መዛሙርተይ ግበርዎም።’

መድሕን ዓለም ኢየሱስ ክርስቶስ ጥምቀት ንሓዋርያቱ ዝኣዘዞም ስራሕ ኢዩ ነይሩ፥ ካብ ሃዋርያት ድማ ኣርድእቶም/ሰዓብቶም ዝነበሩ ኤጲስቆጶሳት፥ ቀጺሉ ድማ ናብቶም ብኢድ ሓዋርያትን ኤጲስቆጶሳትን ዝተሸሙ ናብ ካህናት ተሰጋገረ።

# ምስጢረ ጥምቀት

- ጥምቀት ብማይ Baptism by Water

* ማይ ብኹሉ ሰብ ክርከብ ይከኣል። ሃብታም ይኹን ድኻ'ውን ክጥመቕ ዝኽልክሎ የለን።

* ብጥምቀት ንጽህና/ጽሬት ከም ንረክብ፡ ብማይ ድማ ጽሬት ይርከብ።

* ማይ ኣብ ብሉይ ኪዳን ከም መጥፍኢ ይቑጸር ነበረ (ዘፍ፡6 ማይ ኣይሂ)። ማይ ግን መድሓኒ ደኣ'እምበር መጥፍኢ ከም ዘይኮነ፡ ኣምላኽ'ውን ንዓለም ብማይ ከም ዘየጥፍኣ ቃል ኪዳን ስለ ዝኣተወ ጥምቀት ብማይ ይኸውን።

# ጥምቀት ኣብ ብሉይ ኪዳን

ጥምቀት ብዮሓንስ መጥምቅ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ዝተጀመረ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ግዜ ኦሪት ግና ስለ ጥምቀት ብዙሕ ትንቢት ከም ዝነበረ ንምልከት ንኣብነት፥

- (ሕዝ 36፥25) ‘ጽሩይ ማይ ክነጽገልኩም እየ እሞ ክትጸርዩ ኢኹም፡ ካብ ኩሉ ርኽሰትኩምን ካብ ኩሎም ጣዖታትኩምን ክጽርየኩም እየ።’

- (ሚክያስ 7፥19) ‘መሊስካ ክትርህርሃልና፡ ንኣበሰና ኣብ ትሕቲ እግርኻ ክትረግጾ፡ ንኹሉ ሓጢኣትና ናብ መዓሙቕ ባሕሪ ክትድርብዮ ኢኻ።’

# ኣብነታት ጥምቀት ኣብ ብሉይ ኪዳን

## 1 መርከብ ናይ ኖህ Noah’s Ark [ዘፍ፤6 Genesis 6]

(1ጴጥ 3፤20-21) ‘…ኣብታ መርከብ ሒደት ማለት ሸሞንተ ነፍሲ ብማይ ደሓነ። ማይ ናይቲ ሕጂ ዘድሕነኩም ዘሎ ጥምቀት ምልክት ኢዩ።’

ከምቲ ጥምቀት ድሕነት ዝህብ ዝኾነ (ማር 16፤16)፣ ኣቦና ኖህን ቤተሰቡን ማለት እቶም ሸሞንተ ነፍሳት በታ መርከብ ካብ ማይ ኣይሂ/ሞት ደሓኑ።

# ኣብነታት ጥምቀት ኣብ ብሉይ ኪዳን

## 2 ግዝረት Circumcision [ዘፍ 17/Genesis 17, ዘሌ 12፥3/ Leviticus 12:2]

(ቆሎሴ 2፥11-12) 'ከምኡ ድማ ነቲ ሓጢኣተኛ ስጋኹም ካባኻትኩም ብምቕንጣጥ ብእኡ ተገዘርኩም።...'

ከምቲ ጥምቀት ምስ ክርስቶስ ሞይትና እንትንስእ ፍጹም ሞት ዝኾነ፥ ኣብ ግዝረት'ውን እቲ ዝግዘር ክፍሊ ኣካልና ፍጹም ሞት ይመውት። ከምኡ ድማ ከምቲ ጥምቀት ኣባልነት ክርስትና ዝህበና፥ ኣብ ብሉይ ኪዳን'ውን ግዝረት ኣብልነት ህዝቢ እግዚኣብሔር ይህብ ነይሩ።

# ኣብነታት ጥምቀት ኣብ ብሉይ ኪዳን

3 ምስጋር ባሕሪ ኤርትራ Crossing of the red Sea [ዘጸ 14/Exodus 14]

- (1ቆሮ 10፥1-2) ‘ኣሕዋተየ ንኹሎም ኣቦታትና ደመና ከም ዘጽለሎም፥ ኩላቶም’ውን ባሕሪ ኤርትራ ከም ዝተሳገሩ ዘይትፈልጡ ክትኮኑ ኣይፈቱን ኢየ። ኩላቶም ድማ ሰኦኣብቲ ሙሴ ኪኾኑ ብደመናን ብባሕርን ተጠምቁ።’

- ከምቲ ጥምቀት ካብ ሞት ድሕነት ዝህበና እስራኤላውያን ድማ ካብ ባርነት ግብጽን መግዛእቲ ፈርዖንን ብባሕሪ ኤርትራ ብምስጋሮም ድሕነት ተቐጽረሎም።


ጥምቀት ኣብ ግዜ ህጻንነት Peadobaptism
(infant Baptism)

# ጥምቀት ኣብ ግዜ ህጻንነት **Peadobaptism (infant Baptism)**

- (ማቴ 28፥19) '...ኪዱ ንኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣጥምቑ..'

(ዮሓ 3፥5) '....ካብ ማይን መንፈስ ቅዱስን ዘይተወልደ ንመንግስቲ ኣምላኽ ክኣቱ ዝክል የልቦን።'

(ግብ 2፥38) '"ተነስሑ፥ ሕድገት ሓጢኣት ምእንቲ ክትረኽቡ ከኣ ነፍስቀከፍኩ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ይጠመቕ፥ እግዚኣብሔር ዝህቦ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ክትቅበሉ ኢኹም። ምኽንያቱ፥ እቲ ተስፋ ንኣኻትኩምን ንደቕኹምን፥ ነቶም እግዚኣብሔር ኣምላኽና ኪጽውዖም ዘለዎ፥ ኣብ ርሑቕ ዘለዉን ኢዩ።"'

# ጥምቀት ኣብ ግዜ ህጻንነት Peadobaptism (infant Baptism)

ጥምቀት = ድሕነት

ዘይተጠምቀ =  መንግስቲ ኣምላኽ ኣያቱን

‘ኪዱ ንኹሉ ዓለም’

ስለዚ ጥምቀት ናይ ወለዲ እምነት መሰረት ብምግባር ኣብ ግዜ ህጻንነት ዝፍጸም ምስጢረ ቤ/ክ ይኸውን።

# ጥምቀት ኣብ ግዜ ህጻንነት **Peadobaptism (infant Baptism)**

- (ዘሌ 12) ሰበይቲ ምስ ሓረሰት ወዲ እንተ ወለደት ክሳብ ኣርብዓ (40) መዓልቲ ግዜ ንጽህና ስለ ዘይኣኸለ ቤ/ክ ከይትኣቱ ይእዝዝ፥ ጓል እንተኾነት ድማ ክሳብ ሰማንያ (80) መዓልቲ ቤ/ክ ከይትእቱ ይእዝዝ።

- (ኩፋሌ 4፥8) ኣዳም ካብ ምፍጣሩ ኣብ 40 መዓልቲ ናብ ገነት ኣተወ፥ ሄዋን'ውን ካብ ምፍጣራ ኣብ 80 መዓልቲ ናብ ገነት ኣተወት።

# ጥምቀት ኣብ ግዜ ህጻንነት **Peadobaptism (infant Baptism)**

- እዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሳ ክልተ ጥቕስታት ኣነጻጺርና ክንዕዘብ እንከለና፥ ሓደ ህጻን ካብ ዝውለድ (ወዲ እንተኾነ) ክሳብ ኣርብዓ (40) መዓልቲ ቤ/ክ ክኣቱ የብሉን፥ 40 መዓልቲ ብዝገበረ ግን ብዘይ ጥምቀት ድሕነት ስለዘይህሉ ክይወዓለ ክይሓደ ቤ/ክ ክይዱ ክጥመቕ ይግባእ። እታ ህጻን ጓል እንተኾነት ድማ ኣብ ሰማንያ(80) መዓልቲ ይኸውን።

# ጥምቀት ኣብ ግዜ ህጻንነት Peadobaptism (infant Baptism)

- ብህጻንነቶም ካብ ዝጠምቑ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ

ብሉይ ኪዳን

(ዘፍ 17፥12) > ግዝረት ናይ ጥምቀት ምሳሌ ኢዩ፥ ህጻናት ኣብ 8 መዓልቲ ይግዘሩ ነበሩ።

(ዘጸ 14) >ምስጋር ባሕሪ ኤርትራ ናይ ጥምቀት ምሳሌ ኢዩ፥ ህጻናት’ውን ተሳገሩ።

(ዘጸ 12፥13) ፋሲካ/ሓለፈ/Passover ናይ ድሕነት ፍጻሜ ኢዩ፥ እቲ መልኣኽ ነቲ ደም ዝተለኸየ ቤት ክሓልፎ ከሎ ኣብቲ ቤት ዝነበሩ ሰባት ህጻናት ዝርከብዎም ደሓኑ።

ሓዲስ ኪዳን

(ግብ 16፥15) > ሊድያ ምስ ስድራቤታ ተተምቀት።

(ግብ 16፥33) > ሓላዊ ቤት ማእሰርቲ ምስ ስድራቤቱ ተጠምቀ።

(1 ቆሮ 1፥16) > ስድራቤት እስቲፋኖስ ተጠምቁ።

? ? ?

# ኣድላይነት ጥምቀት
# Efficacious/Importance of Baptism

? ? ?

# ኣድላይነት ጥምቀት Efficacious/Importance of Baptism

**1** ድሕነት ብጥምቀት ይፍጸም Salvation is complete through Baptism

- (ማር 16፥16) ‘ዝኣመነን ዝተጠምቀን ክድሕን…ኢዩ’

- (ቲቶ 3፥5) ‘ንሱ ብምሕረቱን ብምሕጻብ ሓድሽ ልደትን ብምሕዳስ መንፈስ ቅዱስ ኢዩ ዘድሓነና።’

- (1ጴጥ 3፥20-21) ‘ማይ ናይቲ ሕጂ ዘድሕነኩም ዘሎ ጥምቀት ምልክት ኢዩ።’

# ኣድላይነት ጥምቀት Efficacious/Importance of Baptism

**2** ውሉድነት ሥላሴ/ ካልኣይ ልደት Second Birth

- (ዮሓ 3፥3-5) 'ካብ ላዕሊ ዘይተወልደ ንመንግስቲ ኣምላኽ ክርእያ ዝኽል የልቦን....ካብ ማይን መንፈስ ቅዱስን ዘይተወልደ ንመንግስቲ ኣምላኽ ክኣቱ ዝክል የልቦን።'

# ኣድላይነት ጥምቀት Efficacious/Importance of Baptism

## **3** ሕድገት ሓጢኣት Remission of sins

(ግብ 22፡16) ‘ሕጂ’’ኸ እንታይ ትጽበ ኣለኻ፧ ተንስእ....ካብ ሓጢኣትካ’ውን ተሓጸብ።’

ሓናንያ ንሳውል ጠርሴሳዊ (ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ) ክዛረቦ እንከሎ፡ ክርስቶስ ንሳውል ረኺብዎ፡ ተዛሪብዎን ሓዋርያ ንኸኸውን’ውን መሪጽዎ እኳ እንተነበረ፡ ነገር ግን ካብ ሓጢኣቱ ክነጽህ ጥምቀት የድልዮ ከም ዝነበረ ይሕብሮ። ስለዚ ጥምቀት ሓጢኣትና ይሓጽበልና።

(ግብ 2፡37) ‘ተነስሑ፡ ሕድገት ሓጢኣት ንኽትረኽቡ’ውን ነፍስ ወከፍኩም ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ተጠመቑ።’

ሊቀ ሓዋርያት ቅዱስ ጴጥሮስ ነቶም ልቦም ዝተወግአ ኣይሁዳውያን እንታይ ክገብሩ ከም ዘሎም ክሕብሮም እንከሎ፡ ንሕድገት ሓጢኣት ተጠምቁ ኢዩ ዝበሎም።

# ኣድላይነት ጥምቀት Efficacious/Importance of Baptism

**4** ምስ ክርስቶስ ሞይትና ምስ ክርስቶስ ምትንሳእ Baptism is dying with the Lord Christ and rising with Him

(ቆሎሴ 2፥12) 'ብጥምቀት ምስኡ ተቐበርኩም፥ ብሓይሊ እቲ ካብ ምውታን ዘተንስኦ ኣምላኽ ብምእማንኩም ድማ ምስኡ ተንሳእኩም።'

(ሮሜ 6፥8) 'ንሕና ምስ ክርስቶስ ካብ ሞትና፥ ምስኡ ድማ ብሕይወት ከም እንነብር ንኣምን ኢና።'

# ኣድላይነት ጥምቀት Efficacious/Importance of Baptism

**4** ምስ ክርስቶስ ሞይትና ምስ ክርስቶስ ምትንሳእ Baptism is dying with the Lord Christ and rising with Him

- **Βάπτω (BAPTISMA)** ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል I dip in liquid/water ዝብል ትርጉም ሃልይዎ ኣብ ትግርኛ ድማ ቀለመ (ቀለም ለኸየ)/ኣጥለቐ ዝብል ትርጉም ኣለዎ፣ ስለዚ ጥምቀት ኣብ ማይ ብምጥላቕ ዝፍጸም ናይ ቤ/ክ ምስጢር ኢዩ።

# ኣድላይነት ጥምቀት Efficacious/Importance of Baptism

**5** ኣባልነት ክርስትና Membership in the Body of Christ (The Holy Church)

- (ገላ 3፥27) 'ከመይ ብክርስቶስ ዝተጠመቕኩም ዘበልኩም፥ ንክርስቶስ ለቢስክምዎ ኢኹም።'

ሓዋርያ ጳውሎስ ከም ዝገለጾ መሰረት፥ ኣብ ጥምቀት ንክርስቶስ ንለብሶ...እቲ ኣብኡ ዘሎ ኩሉ ብጽእነት ንለብስ። እቲ ብደሙ ኣብ ጥምቀት ዝወሃበና ድሕነት ንለብስ። እቲ በቲ ቀዳማይ ሓጢኣት ዘጥፋእናዮ መልክዕ ንለብስ (ዘፍ *1፥26*)

- (ቆሎሴ 1፥18) 'ንሱ [ክርስቶስ] ናይታ ሰብነቱ ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ርእሲ ኢዩ።'

ቤተ ክርስቲያን ሰብነት ክርስቶስ ከም ምዃና መሰረት ኣብ ጥምቀት ነቱ ርእሲ ኹሉ ዝኾነ ክርስቶስ ለቢስና ኣባልነት ቤ/ክ ንረክብ።